# ሰላምደለይቲ ሰናይ ደቂ ኤርትራ

ደቂ ኤረይ ከስዔ ኣደ ጉራ ምሯ
ስዩ ምዘ ብሎምዶ ሰኣኑ ጬፍራ,



ኣቲ ለተሪና እዛ ቆልዓ ንበይና
ድሕሪ ነጻነት ቤት ትምህርቲ ሲኢና
ኤርትራ ዓዲ ጀጋኑ ኣልቦ ሕጊ ኮይና,

ለተሪና መንገድኺ ተዛናቢሉ
ቀደምመዓስ ከምኡ ነሩ
ብኣርዮስ እኩይ ተግባሩ
ነጻነት ናብባርነት ተቐይሩ,

መንእሰይ ክንዲ ንትምህርቲ ምስ ላቢሽ
ብጥሜይ ከብዱ ናብ ዝበልናካ ሚርሽ
ማለይ ዝበለ በትርን ጥይትን ምቑሽሽ
ለተሪና ንገርና እባ እንታይ ከምዝሐይሽ,

ለተሪና ኣታኣነስ ከምዚ ምባልኩ
ካብ ብሜዕዶ ንውሽጢዘይትልሕኹ
ስለኹንጉጅለ ኣርዮስ ክተንበርክኹ;

ሃገርና መድሕን ህዝባ ሲኢና
ምኽሪ ናይ ለተሪና ተኸቲልና
ኢደይ ኢድካ ኢልና ነድሕን ህዝብና
ጣፍ ስርናይ ክሐፍ ሐረስታይ ሃገርና,

ካብ መግዛእቲ ክከውን ነጻ
ኤርትራ ንማስዋእቲ ደቃ ሜሪጻ
ካሳብ ዓንቀሮምዝዓጠቑ ኣናዊጻ
ጉሒላ ንደቀባት ኣጽኒቱ ብቓጻ
ዳግማይ ብስውር ብደቆምተረጊጻ,

ብስዉእ ጅግና ወደባት ዩ ሰውራ ተጀሚሩ
ዓዋተ ብኢድኣዙር ክንግዛእ መዓስ ወፍሩ
ኢደይ ኢድካ ኢልና ክንዲ ነሕጽሮ ዕምሩ

ቃልስና ናብ ዝበረኸ ጸሓይና ዶ ተቐይሩ,

ሕድሪ ጅግና ስውእ ሓምድ እድሪ ዓዋተ




ኤርትራ መኻን ኣይኮነ ትን ዘበትዩ ዘበተ
ሕድሪ ኣሎና ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታተ,

ኤርትራ ምስ ዴሴታታ
ከይተቆርመሙታ ምስ ወደባታ
ኣብ ሜወእታ ሃገር ናብ ደቀባታ
ሹዑ ይኸበር ማሳል ህዝብታታ,



እቶምሰብ መትከል ዉሑድት እዮምእሞ
ንትምኒ ት ህግደፍ ክንገሮ ዘርሞዘርሞ
ኦ ረቢ ኦ ኣምላኽ ሓይሊ ሃበና ክንዛዝሞ

ዕንቅፋት እንተ ዘይህሉ ጉሒላ ምተባረረ
ህዝቢ ምስ ጎራባብቱ እንዳ ተኻባበረ
ኤርትራዊ ሕጊ ተኺሉ ኣብ ዓዱ መኽበረ,

ብዋጋ ደምና ምስ ጨፍሩኡ
ብደሜኛ ኣርዮስ ተተኪኡ
ምስ ብኽድዓት ዝሕተቱ ምሳኡ
ይሓልምኣሎ ንወዱ ክህቦ ቦቱኡ,

ኮላ ብድቁሳ ክሞተላ ጥራይ ትጸበ
ኣብ ዘረባ ተዋፊሩ ኤርትራዊ ወርጠበ
እንታይ ኣሎ ድዩ መተካእታ ዝተቀረበ,

ብክልተ ጎራሕት ዝተዘወረ
ተዓዲመዞ ኽዛኽ ምስ ጀሚ
ንድሓነት ህዝቢ ዶ ንዉዲት እንበረ,

ህዝቢ ንዳግማይ ትንሳኤ

*ክዛተ ንሓርነ ምስ ተንሰኤ*
*ንባይቶ በቲንካ እቲ ዝኸፍኤ*
*ብመዝሙር ሰላምምስ ተተከኤ,*

*ንባይቶ ክብትኑ ዝተዳየዩ*
*ዮስየፍ ገብሪሂወት ንህዝቢ ዶሕልዩ*
*ንመን ወኪሉ ብልሳን መን ክዛረብዩ,*

*ኣብ ደንበ ተቓውሞዘለዉ ዋርዲያ*
*ብስዉር ደገፍቲ ህግደፍ ኢትዮኦያ*
*ሓርነት ዕንቅፋት በዚሕዋ ደንጉያ,*

*ተንቤናይ ኣለዋሃ ምኣሽ ጨፈሑ*
*ዕላምኣ ምሐሩን ተጋሩን ኣንጊሁ*
*ተበግሱ ኢሰያሳዊያንን ሕጂ በሪሁ,*

*ህግደፍን ተጋሩን ዝሃንደስዎ*
*ተዳቕሉ ንኤርትራዊ ሐንስፍጽዎ*
*መንነት ደቀባት ኤርትራ ከተህስስዎ,*

*ንኤርትራ ዩንቨርስቲ ሐሪምዋ*
*ንህዝባ ኣደንቊሮምከህስስዋ*
*ህዝቢ ኤርትራ ኣይረኸብን ራህዋ,*

*ብወለዶኦ ምዝብሉ ዘርባዕ ባዕ*
*ንደቀባት ዘጽነቱ እንዳበሉ መንካዕ*
*ብወዱዶ ዳግማይ ክንነብዕ*
*ውዲት በዓል ማዝንግዕ የብቅዕ,*

*ኤርትራ ጀጋኑ ወሊዳ ጀጋኑ ምስ ሰኣነት*
*ን27 ዓመት ኣደዳ ማእሰርት ሞት ባርነት*
*ኣብ2018 ንበል ሓዲኡሎሎሚዓመት,,*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ,ዓወትነቲ ደምዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብበርሀ*
*ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ ስዕረት ንጉጅለ ህግደፍን ዓንገልቶምን፡*